# ሓሳበይን ጽሑፈይን'ዩ

ክቡራት ኣንበብቲ ጽሑፈይ፣ ቅድሚ ሕጂ ክልተ ጽሑፋት ኣቕሪበ ነይረ።

1. ብደረጃ ሃገር ክሕሰብ ኣሎዎ
2. ኣውያት ክፉትነት

ነዚኤን ጽሑፋተይ ብወግዒ ማለት ብጽሑፍ ርእይቶ ዝሃበኒ ሰብ ኣይረኸኹን። ኣብ ኣድራሻይ ኤ - መይለይ ግን ሓደ ሓደ ሕቶታት ቀሪቡለይ። ልዙብ ስነስርዓት ዘሎዎ ኣቃራርባ። በዚ ዘሎኒ ዓቕሚ ኸኣ መሊሰ ስለዝኾንኩ እቶም ዝሓተቱኒ ዕግበት ሂበዮም ክኾውን ተስፋ እገብር። እንተኾነ መብዛሕትኡን ብዙሕ ግዜ እነጥፍኣሉን (ኤሪትራውያን) እቲ ኣብ ዝተፋላለየ ቦታታት ብደረጃ ዕላል ብፍላይ ከኣ ኻኹሉ ዝዝረብ እዕቅቡለይ'ዮም ምስ እንብሎም ናይ ልብና ኢና ንዛረብ። ኣብ ከምዚ ዕላላት ነተን ካብ ሓንጎለይ ዝወጻ ሓሳባትን ርእይቶን ናይ ተስፋማርያም ኣሰፋው ጽሑፍ ኣይኮነን ካልኦት ይጽሕፍሉ ወይ ብስሙ ይጥቀሙ ዝብል ብሂል ከምዝውገዓለይ እሰምዕ።

ክቡራት ኣንበብቲ ገለ ሰባት መን ምኺነይን ካበየናይ ቦታ ኤሪትራ ከምዝበቖልኩን ስለ ዝፈልጡ፣ ኣሞ ካብዚ ቦታና ዝቦቖለ ሰብ ከምዚ ኣይጽሕፍን'ዩ ካብ ዝብል ትጽቢት ዝተበገሰ ይመስለኒ። ኣብ ኣጉል ኣተሓሳስባ መታን ከይነብሩ ብንጹር ክዛረብ'የ ኤሪትራዊ'የ። ከም ኩሎም ኤሪትራውያን፣ ዓደይን ኣውራጃይን ከኣ እፈልጥ'የ። ሰገነይትን ኣጎስማ ኣኸሩርን ኣከለጉዛይ'ዩ። ነተን ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩወን ክልተ ኣርእስትታት፣ ኣታ ቀዳመይቲ ኣብዚ ዘሎናዮ መሪር ሕሰም ምሉእ ህዝብን ተጋሂዱሉ ዘሎ ግዝኣት ህ.ግ.ደ.ፍን ምልካዊ መራሒኡ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ክንገላገል ንምሉእ ህዝቢ ኤሪትራ ሓራ ኣብ ምውጻእ ቃልስና ነተሓባብር ነዋህህድ። ኣብ ሓድነት ህዝብን ልዑላውነት ሃገረ ኤሪትራ ነተኮር። እዚ ዘሎ ቃልሲ ኣንጻር ዓማጺ ስርዓት ኣስመራ ደሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ኤሪትራውያን ንምምጻእ፣ እቲ ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቀዋም ኣብ ስራሕ ብምውዓል፣ ተወዳዳሪ ሓሳባትን ነጻ ውድባትን ሰልፍታትን ዘሎዋ ኤሪትራ ምቛም፣ ኮታ ሽግርና ኣብዚ እዋን'ዚ ንምፍታሕ ኣንጻር ኣዚ ጸቓጢ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብሓባር ንስራሕ ዝብል መሰረታዊ ሓሳብ'ዩ ዘሎኒ። ኣብዚ ብምምርኳስ ካብ ኣባል ህ.ግ.ሓ.ኤ. ነበር ንጥልመት ኢሳያስን ጉጅለኡን ቀይርና እቲ መሰረት ሓሳብ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ተግባር ነውዕሎ። ኣብ ፖሊቲካዊ ቃልሲ ከኣ ኩሉ ነገር ብዘይ ግርጭትን ምፍሕፋሕን ሰለል ኢሉ እዩ ዝኸይድ ዝብል ርእይቶ የብለይን። ኣብዚ ተሞርኲሰ ንኣድሓኖም ገብረማርያም ነቲ ተወጺዔዮ ዝብሎ ተርእዮ ኣብ ውሽጢ ሰ.ደ.ኤ. ኮይኑ ክፈትሖ ነይሩዎ ኢለ። ነቲ ክኽተሎ ካብ ዝነበሮ መንገዲ፣ ኣቐዲሙ ምስ ካልኦት ዝሃንደሶ ሓሳብ ኣብ ግብሪ ንምውዓል'ዩ ኢለ ነቐፈታይ ኣቕሪበ። ስለምንታይ ብሃገር ደረጃ ክሕሰብ ኣሎዎ ዝበልኩሉ ምኽንያት ከኣ ኣብ ሰ.ደ.ኤ. ተጠርኒፎም ክንቃሳቐሱ ዝጸንሑ ሰባት መብዛሕትኦም ደቂ ኣውራጃይ ምስ ኣድሓኖም ምኻዶም ስለ ዘተሓሳሰበንን ዘሕዝነን'ዩ። ንመግለጽን ርእይቶን ኣድሓኖም ኣጽኒዐዮ ኢየ። ብዘይካ እታ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ጀሚሩዎ ዘሎ ርክብ ካልእ ሓሳባት ፍልልይ ምስ ሰ.ደ.ኤ. ኣይረኸኹን። እቶም ንዑኡ ዝሰዓቡ ኣሕዋት ምስ ገሊኦም ኣብ ኣንገብሮ ዝነበርና ክትዕ ምሕንጻጽ ዶብ ቀዳምነት ክወሃቦ ከምዝነበሮ ንረዳዳእ ነርና። ምስ ኣድሓኖም ምልጋቦም እምበኣር እተን ኣድሃኖም ተነጺለን ተወጊነን ዝበለን ሕነ ንምርዋይ እንተኾይኑ ጌጋ ኣሎኹም ክብል ዝኣመትኩዎ ሓሳብ ነይሩኒ። ኣብ ፍትሓዊትን ደሞክራስያዊትን ኤሪትራ ኣብ ምዕባለን ምክፍፋል ምንጭታትን ሃብትን ኣብ ገለ ፍሉይ ቦታታት ኤሪትራ ዘተኮረ፣ ህንጻ ቤት ትምህርቲ፣ ሕክምና፣ መጐዓዝያ፣ ግን ከኣ ንኣውራጃ ኣከለጉዛይ ዝጎሲ መደብን ስራሕን እንተርእየ ኣብኡ ደኣ

የብጻሓና'ምበር ንወገነይን ዝመጻእኩሉን ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ቃልሰይ ከዋፍር ከም ዝግበኣኒ እሓስብ'የ። ኣዚ ሕጂ ኣብ ቅድመይን ቅድመኹምን ደሞክራስያዊ ዓለምን ተገቲሩ ብዝተፋላለየ ፖሊቲካዊ ውድባት ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ከናቐኑት ዝውዕል ዘሎ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ክሳብ ዘሎ ግን፣ ኩልና ተቓወምቲ ውጹዕ ህዝብን ኣብ ሓደ መኣዲ ደሞክራሲ ክንስራዕ ኣሎና ዝብል ዘይንቕነቕ እምነተይ'ዩ። ኣድሓኖም ተነጺለ ጉጅለ ስለዝገበሩ ዝብሎ መሰረት ብምግባር፣ ናቱ ጉጅለን ወገንን ጥራይ ክስዕቦ እንተኾይኑ ንኢሳያስ (ሃገራዊ) ዘስምዕ ቀመም ስለዝህብ፣ ኣድሓኖም ገብረማርያም ኣብ ሃገርን ከባቢናን ዝኽተሎ ዘሎ ፖሊቲካ ቅኑዕ ኣይኮነን ዝብል ርእይቶ ኣሎኒ። ኣዚ ትማሊ ናተይ ሓሳብ ነይሩ ሎሚ ናተይ'ዩ ጹባሕ'ውን ናተይ እዩ።

ተስፋማርያም ኣሰፋው
ሽወደን ኡፕሳላ